# ናብ ምርመራ ቦታ ምኻድ

ናይ ሰዓል ምልክታት እንተለኩም ካብ አገልግሎት omaolo.fi ቆጸራ ሐዙ፡፡ ናብ ሕክምና ወይ ምርመራ አይትኺዱ ብመንገዲ omaolo.fi- አገልግሎት ወይ ቀዳማይ ረዲኤት ቁጽሪ ተለፎን 116117 ቆጸራ ከይሐዝኩም፡፡

ካብ ስድራኹም ወጻኢ ዘለዉ ካልኦት ሰባት አይትራኸቡ ክሳብ ነጋቲቭ መልሲ ትረኽቡ፡፡ ናብ ኮሮና ምርመራ ክትከዱ ከለኹም መሸፈን አፍ ግበሩን ጽቡቕ ጽርየት ኢድ ሐልውን ብተወሳኺ ድማ ካብ ካልኦት ሰባት ናይ 2 ሜትሮ ርሕቀት ሐሉ፡፡

ናብ ምርመራ ቦታ ክትመጹ ከለኹም ብማኪና፣ ብሽክለታ ወይ ብእግሩኹም ምጹ ምስ ካልኦት ከይትቐርቡ መታን፡፡ ናብ ምርመራ ቦታ ብታክሲ ጌርኩም ወይ ቀረባ ሰብኩም ከምጽአኩም ይኽእል፡፡ ታክሲ ክትጠልቡ ከለኹም መከላኸሊ ዘለዋ ታክሲ ንኽሰድልኩም ሕተቱ፡፡ ናይ ህዝቢ መጓዓዚ ከም አውቶቡስ ምጥቃም ብደምቢ ክትሐስቡሉ አለኩም፡ እንድሕር ኮሮና ክህልወኒ ይኽእል ኢዩ ዝብል ጥርጠራ እንተ ሃልይኩም አይትጠቐሙ፡፡

እንድሕር ዱኹም ዝኾነ ሰብ ንምርመራ ብዝኾነ መጎዓዝያ ክኸይድ ዘይኪኢሉ፡ ካብ ቀዳማይ ረዲኤት ቁጽሪ 116117 መገዲ ገምጋም ይውሰድ አብ ገዛ ናይቲ ሑሙም ኬድካ መርመራ ኮሮና ንኽውሰድ፡፡ እንድሕር ስሚዒታት ሕማምኩም ንሂወትኩም ሐደገኛ ኮይኑ ናብ ሐደጋ ቁጽሪ 112 ደውሉ፡፡